Orientation to Ontario

1-855-626-0002
https://orientationontario.ca

# ህጹጽ ኣገልግሎታት

### ንሂወት ሓደጋ ዝኾኑ ህጹጻት ኩነታት

9-1-1 ኣገልግሎታት (ኣብ እዋን ህጹጽ ኩነታት ዘገልግል ጥራይ እዩ)

ጥዕናኻ ወይ ጥዕና ናይ ካልእ ሰብ ኣብ ሓደጋ ኣብ ዝኣትወሉ ኩነታት፡ ካብ ዝኾነ ቦታ ናይ ካናዳ ኮንካ ናብ 9-1-1 ደውል። እዚ ቑጽሪ'ዚ ምስ ፖሊስ፡ ኣምቡላንስን ኣገልግሎት መጥፋእቲ ሓውን ዘራኽበካ እዩ። ብ 9-1-1 ምድዋል ዋጋ ኣይከፈሎን እዩ። ካብ ዝኾነ ናይ ምድሪ መስመር ቴለፎን፡ ካብ ሞባይል ወይ ካብ ናይ ህዝቢ ቴለፎን ክትድውል ድማ የኽእለካ።

ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ኩነታት ብ 9-1-1 ደውል፡

- ሂወት ኣብ ሓደጋ ምስ እትህሉ ወይ ድማ ሰባት ወይ ንብረት ኣብ ገምገም ሓደጋ ምስ ዝኾኑ (ንኣብነት፡ ኣብ እዋን ባርዕ ሓዊ)።.
- እቲ ገበን ይቕጽል እንተሃልዩ።
- ኣዝዩ ከቢድ ገበን ምስ ዝጋጥምን እቲ ጥርጥሩ ድማ ጌና ኣብ'ቲ ከባቢ ምስ ዝህሉን ወይ ናብ'ቲ ቦታ ናይ ገበን ናይ ምምላስ ተኽሎ ምስ ዝህልዎን።
- ኣጠራጠርቲ ሃዋሁዋት ገበን ክፍጸም ምኧኑ ወይ ድማ ድሮ ገበን ከምእተፈጺሙ ዘመልክቱ እዮም።

ናብ 9-1-1 ክትድውል ከለካ፡

- ህድኣትካ ሓሊኻን ብንጹሩነትን ተዛረብ።
- ኣገልግሎት ናይ ኣስተርጓሚ እንተጠሊብካ፡ ክሳብ ምስ'ቲ ኣስተርጓሚ እትራኸብ ኣብ መስመር ጽናሕ።
- እንታይ ዓይነት ኣገልግሎት ኢኻ ትደሊ ዘለኻ ሓብር (ፖሊስ፡ ኣምቡላስን፡ መጥፋእቲ ሓዊ)።
- ነቲ ኩነታት ግለጾ።
- ንጹር ኣድራሻኻ፡ ምስ ፖስታል ኮድካ ጌርካ ሃብ።
- ስምካ፡ ኣድራሻኻን ቁጽሪ ቴለፎንካን ሃብ።
- ዝኾነ ተወሳኺ ሓቶታት መልስ።
- ክሳብ ኦፕሬተር ወይ መሰጋገሪት ቴለፎን ዕጸዊ ትብለካ፡ ኣብ መስመር ጽናሕ።

ብዛዕባ 9-1-1 ኦንታርዮ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ እትደሊ፡ ኣብ opp.ca ብጻሕ።

ኣምቡላንስ–ኣምቡላንስ ናብ ሆስፒታል ኦንታርዮ ክትወስደካ እንተኮይና፡ ናይ ኦንታርዮ ፖሊሲ ዋሕስ ጥዕና ናትካ ንኹሉ ወይ ንገሊኡ ክሽፍኖ ይኽእል እዩ። ብዛዕባ ቢል ኣግልግሎት ኣምቡላንስ ተወሳኺ ሓበሬታ እንተደሊኻ፡ ኣብ'ዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ findlink.at/AmbuSvBill ብጻሕ፡

### ንሂወት ሓደጋ ዘይኮኑ ህጹጻት ኩነታት

ኣብ'ቲ ዘድልየካ እዋን፡ ሓገዝ እትረኽበሉ ብዙሕ መንገድታት እዩ ዘሎ። ኣብ ግዜ ህጹጽ ኩነታት ቅልጡፍ ውሳኔ ክትህብ መታን ክትክእል፡ ምስዞም ተቐሪቦም ዘለዉ ኣገልግሎታት ሌላ ከምዘለካ ከተረጋግጽ ይግባእ።

ፖሊስ – ፖሊስ ኣብ ካናዳ ክእመን ዝኽእል እዩ። ህዝባዊ ድሕነት ዘውሕሱን ብሕጋዊ ኣገባብ ዝሰርሑን እዮም - ንዓና ንምሕላው ድማ'ዮም ኣብኡ ዘለዉ። ንመኮነን ፖሊስ ጉቦ ወይ ብላዕ ምሃብ ገበን እዩ።

ብዛዕባ ፖሊስ ኣብ ኦንታርዮ ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ናብ opp.ca ኪድ።

ህጹጽ ኣገልግሎታት – ኩነታት ሕክምናኻ ቅልጡፍ ኣድህቦ ዝሓትት እንተኾይኑ፡ ናብ ቀረባኻ ዝርከብ ኣገልግሎት ህጹጽ ኩነታት፡ እዚ ማለት፡ ናብ ክፍሊ ህጹጽ ኩነታት ናይ ሆስፒታል ወይ ናብ ማእከል ህጹጽ ክንክን ኪድ። ሆስፒታላት ኵሉ ግዜ ክፉታት እየን። እንተኾነ፡ ንነዊሕ ግዜ ምጽባይ ክህሉ ዝኽእል እዩ። ብዛዕባ'ዚ ኣገልግሎታት እዚ ተወሳኺ ክትመሃር እንተደሊኻ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ontario.ca/page/emergency-rooms ከምኡ'ውን ontario.ca/page/urgent-care-centres ብጻሕ።

**Walk-in clinics (ብዘይ ቆጸራ ትርኣየሉ ክሊኒካት)** – እዘን ክሊኒካት እዚኣተን፡ ነቶም ፈኰስ መጉዳእቲ ዘለዎም ሰባት ወይ ነቶም ስሩዕ ሓኪም ናይ ስድራቤት ዘይብሎም ሕሙማት ሕክምናዊ ምኽርን ክንክንን ዝህባ እየን። መባእታዊ ክንክንን ሓበሬታን ንምርካብ ድማ፡ ኣብ ከባቢኻ ናብ ዝርከብ ማሕበረሰብ ማእከል ጥዕና ክትከይድ ትኽእል'ውን ኢኻ። ብዛዕባ'ዚ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ እትደሊ፡ ነዘን ዝስዕባ ዌብሳይታት findlink.at/WakgClinic ከምኡ ድማ

Funded by / Financé par :

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada
Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

findlink.at/ComHealthC ብጽሓየን።

ሓኪም ናይ ስድራቤት ምስ ዝህልወካ፡ ኣብ ግዜ ሕማም ወይ ኣብ ግዜ መጉዳእቲ፡ እቲ ፈለማ ምሳኻ ዝራኸብ ንሱ እዩ። ሓኪም ናይ ስድራቤት ክትረክብ እንተደሊኻ፡ ኣብ መርበብ ሓበሬታ findlink.at/findgp ብጻሕ።

Telehealth Ontario (ኣብ ኦንታርዮ፡ ብመገዲ ቴሌፎን ኣገልግሎት ሓበሬታ ጥዕና ዝህቡ) – ካብ'ታ ተመዝጊባ ዘላ ነርስ፡ ሓፈሻዊ ምኽሪ ጥዕና ክትረክብ፡ ናብ TelehealthOntario (ኣብ ኦንታርዮ፡ ብመገዲ ቴሌፎን ኣገልግሎት ሓበሬታ ጥዕና ዝህቡ) ብቑጽሪ ቴለፎን 1-866-797-0000 ደውል። እቲ ኣገልግሎት ክፍሊት ዘይብሉ ናጻን ኩሉ ግዜ ዝርከብን እዩ። እቲ ምኽሪ ብክልቲኡ ቋንቋታት ማለት ፈረንሳን እንግሊዝን ዝወሃብ ኮይኑ፡ ንገለ ካልኦት ቋንቋታት'ውን ናይ ምትርጓም ሓገዝ ይወሃብ እዩ። ንዝያዳ ሓበሬታ ናብ findlink.at/telehealth ኪድ።

## ህጹጽ ኩነታትን ናይ ሓጺር ግዜ ኣባይትን

እዚ ዓይነት መንበሪ ቤት እዚ፡ ካብ ክፍሊት ናጻ ኮይኑ፡ ነቶም ኣብ ጸገም ወይ ቅልውላው ዘለዉ ሰባት ወይ ድማ ነቶም መደቀሲ ቦታ ዘይብሎም ('ቤት ኣልቦ')፡ ዓመት ምሉእ ክረኽብዎ ዝኽእሉ እዩ።

ቤት ኣልቦ እንተኮንካ፡ ካብ ገዛ ተሰጒግካ እንተኮንካ ወይ ኣብ ገዛእ ቤትካ ኣብ ናይ ሓደጋ ጉድኣት እንተደኣ ሃሊኻ፡ ናብ ህጹጽ መዕቖቢታት ወይ ሆስቴላት ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። ዝበዝሕ ግዜ፡ እዞም ቦታታት እዚኣቶም፡ ነቶም ዝተወሰነ ድሌታት ዘለዎም ጉጅለታት ዘገልግልን ብኡ መንሰረት ድማ ኣገልግሎታት ዝህብን እዩ። ንኣብነት፡ ንደቂ-ተባዕትዮ፡ ንደቀንስትዮ፡ ንስድራቤታትን መንእሰያትን ዝወሃቡ ኣገልግሎታት ኣለዉ።

ግዳይ ዘቤታዊ ጎነጽ ወይ ዓመጽ እንተደኣ ኮንካ፡ ናብ ሓደ መዕቆቢ ወይ ድሕነት ናብ ዘለዎ ቤት ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። እዞም ቦታታት እዚኣቶም ድሕነት ዘለዎም ውሑሳትን እዮም። ትድቅሰሉ ቦታ ዝቐርቡልካን ንወለዲን ደቆምን (እንተደኣ ኣድላዪ ኮይኑ) ድማ ኣገልግሎት ምኽሪ ዝህቡ እዮም።

ብዛዕባ ህጹጽ ኩነታትን ናይ ሓጺር እዋን መንበሪ ቤትን ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ናብ findlink.at/EmgHousing ኪድ ወይ ናብ 2-1-1 ደውል ወይ ኣብ 211ontario.ca ብጻሕ።

ኣብ እዋን ህጹጽ ኩነታት ወይ ቅልጡፍ ሓደጋ፡ ተቐላጢፍካ ናብ ሆስቴል/መዕቆቢ ኪድ ወይ ናብ 9-1-1 ደውል።

## መስመራት ሓገዝ ንዝተጨነቑ

ህጹጽ ሓገዝ ዝህብ መስመራት፡ ካብ ክፍሊት ናጻ ኮይኑ፡ ደገፍ ዝህቡ፡ ዝመኽሩን ድሌት ንዘለዎ ዝኾነ ሰብ ድማ ብቴለፎን ዝሰምዑን ሰራሕተኛታት ዝቐረበ እዩ። እዘን ዝስዕባ፡ ገለ ካብ'ተን ዘለዋ ናይ ሓገዝ መስመራት'የን፡

Assaulted Women's Helpline (መስመር ሓገዝ ዓመጽ ዝበጽሐን ደቀንስትዮ) – 1-866-863-0511. ነተን ዓመጽ ዘጋጠመን ደቀንስትዮ።

ነቶም ካብ ጾታዊ ዓመጽ ዘምለጡ ደቂ-ተባዕትዮ ሓገዝ ዝህብ ኣገልግሎታት 1-866-887-0015።

KidsHelpPhone (ንቖልዑ ሓገዝ ዝህብ ቴለፎን) 1-800-668-6868. ንቖልዑ ትሕቲ ዕድመ ኮተቴን.

Crisisline (ናይ ቅልውላው መስመር) 1-866-996-0991። ኣገልግሎት ጥዕና ኣእምሮ።

Parents, Families and Friends of Lesbians and Gays (ወለዲ፡ ስድራቤታትን ኣዕሩኽ ግብረ-ሰዶማዊትን ግብረ ሰዶማዊንን) ካናዳ - 1-888-530-6777። ኣገልግሎታት ነቲ ብዛዕባ ጾታዊ ሌላን መንነት ጀንደርን ሕቶታትን ሻቕሎታትን ዘለዎ ዝኾነ ሰብ።

Lesbian Gay Bi Trans Youth Line – (ግብረ-ሰዶማዊት ግብረ-ሰዶማዊ ባይ ትራንስ መስመር መንእሰይ) - 1-800-268-youth። Service LGBTT1QQ2S

youth in Ontario (ኣገልግሎት ን LGBTT1QQ2S መንእሰያት ኣብ ኦንታርዮ)

ነቶም ቋንቋ ፈረንሳ ዝዛረቡ፡ ብዛዕባ ህጹጽ መስመራት ተወሳኺ ንክመሃሩ፡ ኣብ findlink.at/CrisisLine ይብጽሑ።

ካልኦት ናይ ጭንቀት መስመራት፡ ኣብ ዌብሳይት Centre forAddiction and Mental Health (ማእከል ወልፍን ጥዕና ኣእምሮን) findlink.at/CrosisReso ተዘርዚሮም ኣለዉ፡

### ኣገዳሲ መዘኻኸሪ

ኣብ ኦንታርዮ ሰባት ብ 9-1-1 ምስ ደወሉ፡ French Languages Services Act (ሕጊ ኣዋጅ ኣገልግሎታት ቋንቋታት ፈረንሳ)፡ ብቋንቋ ፈረንሳ ክዛረቡ ውልቃዊ መሰሎም የውሕሰሎም እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ልዕሊ 140 ቋንቋት ዝዛረቡ ኣስተርጎምቲ እውን ኣብ ምሉእ ግዜ ናይ'ቲ ኣገልግሎት ኣለዉ - ስለዚ፡ ዝመረጽካዮ ቋንቋ ክትዛረብ ኣይትማታእ።